# ህዝባዊ መኸተ ኣንጻር ማዕቀብ 1907/2009 ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታ ኣብ ከተማ ሙኒክ

ኣብ ትሕቲ "ማሕላና ይኹን ስለዛ ሃገር" ዝብል ጭርሖ ትማሊ ሰንበት ዕለት 14.02.2010 ኣስታት 100 ሃገረውያን ካብ ከተማ ሙኒክ ኣውጉስቡርግ ከምኡውን ጋርምሽ ፓርተንኪርሽን ዝተሳተፍዎ ዕውትን ብልዑል ሃገራዊ ወንን ሓድነትን ዝተሰነየ ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ:: ኣብቲ ሰሚናር ኣባላት ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፈርት ብጻይ ብርሃነ ዘርኤን ብጻይ ካሕሳይ ተወልደን ኣብ መንጎና ተረኺቦም ብዛዕባ ማዕቅብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራን:ብዛዕባ ታሪኽን ጅግንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።ኣባላት መንእሰያት ሙኒክ **YPFDJ** ብወገኖም ከም ወለዶምን ዓበይቲ የሕዋቶምን ኣብ መትከል ጸኒዕም ከምዝምክቱ ንጉባኤ ኣራጋጊጾምሉ። ብተሳትፍቲ ጉባኤ ንመኸተና ዝምልከት ተውፋይነትን ሓድነትን ዘንጽባርቕ ግጥምታትን ተውሰኽቲ ሓሳባትን ብልዑል ወኒ ኣቕሪቦም:: ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታት ብኣባላት ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ሰፊሕ መግለጺ ተዋሂቡ:: ተሳተፍቲ እቲ ንዕለት 22.02.10 ኣብ ከተማ ጀንቭ ዝካየድ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣገዳስንቱ ብምግንዛብ ኩሉ ኤርትራዊ ከባቢና ንኽሳተፎ ጸዊያም: እቶም ብርዱእ ምኽንያት ክሳተፍዎ ዘይክእሉ ነቶም ዝኸዱ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንኽገብሩሎም ተሳማሚያም:ድሮ መብዛሕቶም ብኡ ንብኡ ኣብ ግብሪ ቶርጊሞሞ። ብሽማግለ መኸተ ሙኒክን ኣውጉስቡርግን መልእኽቲ ተቓውሞ ማዕቀብን ደገፍ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ድሕሪ ምቕራብ ተሳተፍቲ ሰሚናር መኸተ ነዚ ኣብታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ውሳነ ብሓባር ድሕሪ ምሕላፍን ናይ ሓድነት ምልክት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ሃገራዊ መዝሙር ድሕሪ ምዝማር ጉባኤኦም ብዓወት ዛዚሞም።

- ንሕና ኣብ ሙኒክ ኣውጉስቡርግን ከባቢኡን ንነብር ኤሪትራውያን: ነቲ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ማዕቀብ: ዘይርትዓውን ዘይሕጋውን ሰለ ዝኾነ ኣትሪርና ንኹንን።

- ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ብሙኻን: ኩሉ ካባና ዝድለ ብዘይ ዋዓል ሕደር ከምነማልእ ዳግማይ ቃል ንኣቱ።

- ኩሉ ንጥፈታት ልምዓት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ: ነድንቕን ንድግፍን።

ዓወት ንሓፋሽ

ዘላኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዋኣትና::